ናይ መግቢ ኣለርጂያ ጣልቃ ምእታዋት
ምስ ናይ ወለዲ/ኣለይቲ ቆልዑ ዝግምገም ዝርዝር ኣርእስቲ

☐ ውሑስን ዘይውሑስን መግቢታትውሑስ ዝኾኑ መግቢታት

ካብ ወለዶም/ኣለይቶምን ካብ'ቲ ቤት ትምህርቲ ክሽነ ዝመጹ እዮም፤ ንዘይውሑስ መግቢታት
ኣይፋል በሉ

ተምሃሮ ክዓብዩ ከለዉ ብዛዕባ ውሑስ መግቢ ክመሃሩ ይኽእሉ፣ ንእሽተይ እንተለዉ ግን ቀሊል ግበሩሎም። መግቢ ክህቡ ዝኽእሉ ሰባት፣ ሓደ ተምሃራይ ኣለርጂያ (ከም ኣብ ፍሉይ ጽምብል ዝቐርቡ መግቢታት) ከምዘለዎ ዘይፈልጡ ወይ ዝርስዑ ክኾኑ ይኽእሉ። ሰባት ኣለርጂያ እንታይ ማለት ከምዝኾነ፣ ወይ ሓደ ተምሃራይ ዘለዉዎ ኣለርጂታት ዘይፈልጡ ክኾኑ ይኽእሉ። እቲ ተምሃራይ "ኣይፋል" ምባል ምፍላጡ ኣገዳሲ እዩ።

☐ ናይ ኣለርጂያ ወይ ናይ መግቢ መልሰ ተግባር ምልክታት ናይ ምግላጽ ተኽእሎታት-

ናይ ኣለርጂያ መልሰ ተግባር ኣለኒ ኢልኩም እንተሓሲብኩም ንዓቢ ሰብ እንታይ ኢኹም ትብሉ?

ሕማም ወይ ድሕንነት ከምዝስመዖም ምዝራብ ንጹር ኣይኮነን፣ ነዚ ዝሰምዕ ዓቢ ሰብ እቲ ሕማም ዕቱብ ከምዝኾነ ዘይርዳእ ክኸውን ይኽእል። ናይ ኣለርጂያ መልሰ ተግባር ይስመይ ከምዘሎ ዝዛረብ ተምሃራይ ንጹር'ዩ።

☐ ኣብ መጻወቲ መይዳ፣ ኣብ ኮሪደር፣ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮይንኩም

ናይ ኣለርጂያ መልሰ ተግባር ይስመዐኩም ከምዘሎ እንተሓሲብኩም ናበይ ትኸዱ፣ ወይ?

ሓድሓደ ተምሃሮ ምስ መምህሮም እንተዘይኮይኖም ናበይ ምኻድ ከምዘለዎም ኣይፈልጡን። እቲ ንተምሃራይኩም ክወሃብ ዝኽእል መምርሒ ቀረባ ናብ ዝኾነ ዓቢ ከይዱ ሓገዝ ክሓትት ምግባር እዩ።

☐ ሓገዝ ከምዘድልየኩም ንዓቢ ሰብ ኔኺርኩም ንሳቶም ድማ እንተዘይሓጊዞምኹም፣ እንታይ ክትገብሩ ኣለኩም እዚኽ ንምንታይ ክኸውን ይኽእል?

(ኣይሰምዑምኹምን ወይ ኣይተረድኡኹምን ወይ...) እቲ መጻወቲ መይዳ ዋዕዋዕ ዝበዝሖ እንተኾይኑ እቶም ዓበይቲ ሰባት ክሰምዑኹም ከምኽእሉ ትሓስቡ ዶ? ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት ካሊእ ተምሃራይ ሕቶ ይሓቶም ስለዝነበረ ተጸሚዶም ይህሉዉ ከምዝኾኑ ትሓስቡ ዶ? መሊስኩም ንክትሓቱዎም ንዓኻትኩም ኣገዳሲ ድዩ? እቶም ዓበይቲ ሰባት ንኽሰምዑኹም ምእንቲ ነቲ ደጋዊ ድምጽኹም ክትጥቀሙ ከምዘለኩም ትሓስቡ ዶ?

ብኽመይ ዘይምስምማዕ ምግላጽ ወይ "ድልየቶም ምምጻትን" ከምዝከኣል ምስ'ቲ ተምሃራይ ልምምድ ምግባር ዝሕግዝ ክኸውን ይኽእል። ብስራሕ ዝተጸመዱ ዓበይቲ ሰባት እቲ ተምሃራይ እንታይ ከምዝበለ ዘይሰምዑ ክኾኑ ይኽእሉ። ኣቓልቦኦም ክጥወ ይኽእል።

እንዳሰምዑ ዘየለዉ ክኾኑ ይኽእሉ። ከይርድኡ ይኽእሉ። እቲ ተምሃራህ ንዓቢ ሰብ ብዛዕባ ናይ ኣለርጂ ምልክታቱ ነጊሩ እቲ ዓቢ ሰብ ስጉምቲ እንተዘይወሲዱ፣ እቲ ተምሃራይ ንምሙጋት ክዳሎ ኣለዎ።

☐ ምቕያያር መግቢ-ካልእ ተምሃራይ ምሳኻትኩም

መግቢ ምቕያር እንተደልዩ እንታይ ትገብሩ?

ምግቢ ኣይተቀያየሩ-ተምሃሮ ከምዚ ምግባር ኣለርጂያ ከለዓዕል ዝኽእል መግቢ ክወስዱ ከምዝኽእሉ ክፈልጡ ኣለዎም። "ኣይፋል" ምባል ዝለማመዱ ተምሃሮ ብዝበለጸ ድሉዋት እዮም። ገለ ተምሃሮ ኣይፋልን ኣብ ምባል ዓርሰ ምትእምማን ኣለዎም፣ ካልኦት ድማ ንብዙሕ ምኽንያት ንኣብነት ከም ጸቕጢ መዛኑ ክጽከም ይኽእሉ ከምኡ'ውን ኣይፋልን ንኽብሉ ምእንቲ ድሉዉ ዝኾነ መመኽነይታ ከድልዮም ይኽእል (እቲ ተምሃራይ ግብረ መልሲ ንኽለማመድ ይምግር)።

☐ ንዓበይቲ ተምሃሮን ወለድን-ሕላገታት መግቢ። ሕላገታት መግቢ ተንብቡ ዶ?

ሕላገታት መግቢ ንስኻትኩም ክትፈልጡዎ ዘለኩም ጽቡቕ ሓበሬታ ኣለዎም፣ ስለዚ ድማ ነዚ ምልምማድ ጽቡቕ እዩ።

ምንባብን ምፍላጥን ሕላገታት መግቢ ውሑስ ዘይኮኑ መግቢታት ንምእላይ ዝሕግዝ እዩ፣ ከምኡ'ውን ነቲ ናይ'ቲ ተምሃራይ ጥዕና ክሕሉ ዝኽእል ልምዲ እዩ። እቲ ተምሃራይ ወይ ተምሃረት ንዓርሶም ብብሉጽ ክሕልዉ ዝኽእሉ ብ፡

- ሕላገት ብኽመይ ከምዝንበብ ምፍላጥን ምርዳእን
- እቲ መግቢ ከመይ ከምዝተሰርሐ ብትኽክል ምፍላጥን ምርዳእን
- ኣብ ውሽጢ እቲ መግቢ እንታይ ከምዘሎ ምፍላጥ
- ሕላገታት ምንባብ ዝርዝር ውሑስ መግቢታት ዝዓበየ ክገብሮ ይኽእል

ኣብ ገዛ ምስ ውላድኩም ኮይንኩም እተንብቡዎም ካልኦት ሓጋዚ ምኽርታት፡

- ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ ዓበይቲ ሰባት ከም ካሊእ ወላዲ፣ ወለንተኛ ወይ ተካኢ ብዛዕባ ናይ'ቲ ተምሃራይ ኣለርጂያ ወይ ኣለርጂታት ብሓፈሻ ዘይፈልጡ ክኾኑ ይኽእሉ።
- ኣብ'ቲ ቤት ትምህርቲ ሰባት መግቢ ይህቡዎ ዘለዉ እንተኾይኖም እቲ ወላዲ/ኣላዩ እዚ ደው ክብል ንቲ ቤት ትምህርቲ ክነግር ምእንቲ እቲ ተምሃራይ ኩልግዜ ንወላዲኡ/ኣላዩኡ ክነግር ኣለዎ
- እቲ ተምሃራይ ብዛዕባ መግቢ ምስ ካልኦት ተምሃሮ ዝኾነ ጸገማት እንተተፈጢሮምዎ ንወላዲኡ/ኣላዩኡ ክነግር ኣለዎ (ከም ምድሃል ዝኣመሰለ)። እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ዞባ ምድሃል ኣይጻወርን፣ ነዚ ደው ክነብሎ ምእንቲ ንዝሕብሩና ወለዲ ነመስግን
- ምስ መግቢ ዝተሓሓዝ ብመማህራን ዝግበር ዝኾነ ዓይነት ናይ ትምህርቲ ፕሮጀክት ግቡእ ዝኾነ ናይ መግቢ ኣተሓሕዛ ሚላታት ብዘረጋግጽን ኣብ'ቲ ክፍሊ ዘሎ ተምሃራይ ኣለርጂ ዝኾኑ መሰናብርቲ መግቢ ዝኣልን መንገዲ ክትለም ኣለዎ።